ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ መስተ ማይ ከተማ ፍረወይኒ ካብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 30/10/2014 ዓ/ም ዘሎ ሒሳብ ምንቅስቃስ ብደገ ኦዲተራት ኦዲት ከግብር ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 22, 2018 (ቅድሚ 8 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 12, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ፍረወይኒ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 13, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣካውንቲን ተዛማድኡን/ ኦዲት ተዛማድኡን/

ቅ/ዋኦ/ ጨ/001

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ስራሕቲ ኦዲት

ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ መስተ ማይ ከተማ ፍረወይኒ ካብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 30/10/2014 ዓ/ም ዘሎ ሒሳብ ምንቅስቃስ ብደገ ኦዲተራት ኦዲት ከግብር ስለዝደለየ ኣብ ትሕቲ ኣመራርሓን ክትትልን ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ክልል ትግራይ እትርከቡ ዝተፈቐደልኩም ውልቀ ኦዲተራትን ኦዲት ትካላትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ኦዲት ክግብር ስለዝደለየ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለኩም ንክሳተፉ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልኡዎም ዝግባእ ረቋሒ

1. ንቤት ዕዮና (ትካልና) ኦዲት ንምክያድ ዘኽእል ብርኪ ሓደ ወይ ክልተ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቅዓት ሞያ ዘለዎም

2. ናይ 2018 ዓ/ም ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቅዓት ሞያን ዘሐደሰን ንግዲ ምዝገባ ፣ ተወሳኺ እሴት ታክስ (ተመዝጋቢ ንዝኾነ) ፣ መለለይ ግብሪ ከፋላይነት /Tin No/ን ካልኦት ንጨረታ ዝጠቕሙ መረዳእታት ምስ ዋና ዝተገናዘበ ፎቶ ኮፒ ከቕርብ ዝኽእል፣

3. ኦዲት ዝግበር ሒሳብ ኣብ ፍረወይኒ ከተማ/ ቤት ፅሕፈት /ትካል ምኟኑ ፈሊጡ ዝሳተፍ፣

4. ሰነድ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ መስተ ማይ ከ/ፍረወይኒ ቢሮ ቁፅሪ_04 ካብ ዕለት 21/07/2018 ዓ/ም ክሳብ 12/08/2018 ዓ/ም ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘይምለስ ብር 30.00 /ሰላሳ/ ከፊሎም ምውሳድ ይኽእሉ

5. ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ፋይናንሻልን ቴክኒካን መወዳደሪ ቅጥዕታት ብዝግባእ ብምምላእ ደጋፊ መረዳእተኦም ምስ ዋና /ኦርጅናል ብምግንዛብ ፋይናንሻል /ዋጋ/ መወዳደሪ ዋናን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ክልተ ፖስታ ቴክኒካል ድማ ዋናን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ክልተ ፖስታ ብጠቅላላ ኣብ 4ተ ፖስታ ብዝግባእ ተዓሸጉ ኣብ ሕድሕዱ ፖስታ ድማ ናይ ተጫራቲ ስሞ ፡ ኣድራሻ ፣ ፊርማ ፣ ኦርጅናል/ዋና/ን ኮፒን ተባሂሉ ተፃሒፉሉን ማህተምን ፊርማን ዓሪፍዎን ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ መስተ ማይ ከ/ፍረወይኒ ቢሮ ቁፅሪ 04 ዝተዳለወ ሳፁን (ሳንዱቕ) ክሳብ ዕለት 12/08/2018 ዓ/ም ሰዓት 8፡30 ከእትው ኣለዎም።

6. እቲ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ቀረብ መስተ ማይ ከተማ ፍረወይኒ ቢሮ ቁፅሪ 04 ዕለት 12/08/2018 ዓ.ም ልክዕ ሰዓት 8፡30 ተዓዕዩ በቲ ዕለት ሰዓት 9፡00 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት ፡ ኮይኑ ግና ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም እንተዘይተረኺቦም ቤት ዕዮና ጨረታ ፖስታ ምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
7. ቤት ዕዮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0941336772/0925286761ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle